ንኣኻ፡ ወላዲ ወይ ድማ ናብቲ
ህጻን ዝቐረብካ በጽሒ ዝኾንካ

# ንዲጂታላዊ ጸወታን ቁማርን ዚምልከት



Länsstyrelserna

# ዲጂታላዊ ጸወታ፡ ከም ናይ ኮምፕዩተር፡ ታብለት፡ ሞባይል ቲቪ ወዘተ ዝመስሉ ጸወታታት ይጥርንፍ።



ብዙሓት ህጻናት ጸገማት ከየጋጠሞም ኪጸወቱ ይኽእሉ እዮም። ዝበዝሑ ነቲ ጸወታ ኣዘናጋዕን ዕንደራ ዝመልኦን ምስ ብጾት ደስታ ዚፈጥርን ገይሮም እዮም ዘዘውትሩዎ። ኣብ ገሊኡ፡ እቲ ተጻዋታይ ብንጡፍ መገዲ እዩ ዚሳተፍ። ተሳታፊ ናይቲ ዛንታ ወይ ብድሆ ንኺኸውን ድማ ይዕደም። ኣብ ሓደ ጸወታ ንፉዕ ክትከውን ከሎኻ፡ ኣብ መንጎ ብጾትካን ካልኦት ተጻወትትን፡ ናይ ልዕልናን መዓርግን ስምዒት ይህበካ እዩ።



# ናይ ገንዘብ ጸወታ



ወይ ቁማር፡ ንሎተርን ቢንጎን ናይ ኣፍራስ ቅድድም ስፖርትን፡ ቁማር፡ ናይ ካዚኖ ቁማርን ፖከርን ይጥርንፍ። ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም፡ ቁማር ምጽዋት ፍቑድ ኣይኮነን። ይኹንምበር፡ ብዙሓት መንእሰያት ቁማር ተጻዊቶም እዮም። ብገንዘብ ምጽዋት ደስ ዘብል ስምዒት ይህብ፡ ቅልጡፍ ገንዘብ ናይ ምኽዕባት ሕልሚ ድማ ነቲ ምጽዋት ይድርኾ እዩ። እቲ ጸወታ ካብ መዓልታዊ ናብራ ንምህዳም ይሰርሕ እዩ፡ ምዝንጋዕን ግሩም ስምዒትን ድማ ይፈጥረልካ። ኩሉ ናይ ቁማር ጸወታ ምስኡ ዚኸይድ ጸገም ኣለዎ። ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ጸወታ ግን እቲ ናይ ኣውቶማትን ካዚኖን ናይ ኢንተርነትን ኔትካዚኖን ኔትፖከርን ኔትቢንጎን እዩ። ኣብዚ ኹሉ፡ ናይ ጸወታ ረክላም ኣሎ፡ ነቲ ናይ ህጻናትን መንእሰያትን ናብራ ድማ ይጸልዎ።



# እንታይ እዩ ናይ ጸወታ ጸገም ?



ሓድሓደ ግዜ ነቲ ናይ ቁማር ጸወታኻ ክትቆጻጸሮ ኣሸጋሪ እዩ፡ ዲጂታላዊ ይኹን ወይ ቁማራዊ ጸወታ። እቲ ቁማር ነቲ ካልእ ንጥፈታት ኪዕብልሎ ይኽእል እዩ፡ ጥዕና ዘበላሹ ከምኡውን ንትምህርቲ ዚጸሉ ማሕበራዊ ጸገማት ኪፈጥር ይኽእል እዩ። ከምኡውን ኣብ ቤተሰብ ዚኸሰት ሕማቕ ዝምድና። እዚ፡ ደገፍ የድልዮ እዩ። ንገንዘብ ዚግበር ጸወታ፡ ናብ ቁጠባዊ ጸገማት ከምርሕ እውን ይኽእል እዩ። ንገንዘብ ዚግበር ጸወታን ብንእሽቶኻ ናይ ጸወታ/ቁማር ጸገም ምህላውን፡ ነቲ ኣብ መጻኢ ህይወትካ ኪህልወካ ዚኽእል ናይ ጸወታ/ቁማር ስግኣት እውን ከበርትዖ ይኽእል እዩ።

# ኣብ መንጎ ናይ ኮምፕዩተር ጸወታን ናይ ገንዘብ ጸወታን ዝምድና ኣሎ



መብዛሕትኡ ዲጂታላዊ ጸወታ፡ ናይቲ ብሃውሪ ከስዕረካ ዚኽእል ናይ ሎተርን ውርርድን ባእታታት ኣለዎ። ኣብ ገሊኡ ጸወታታት ሉት ቦክስ ዚብሃል ብልሃት ኣሎ። ንሱ ከም ባኮ ኮይኑ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ዚዕደግ ነገራት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ሓደስቲ ገጸባህርያት ወይ ኣጽዋር። ወይ ድማ እቲ እትዕድጎ ነቲ ጸወታኻ ወይ ንምስዓር ዘሎካ ዕድላት ዘመሓይሽ ኪኸውን ይኽእል። ይኹንምበር፡ ሓድሓደ ግዜ እቲ ንጸወታኻ ከመሓይሸልካ ኢልካ እትዕድጎ፡ ከይኮነ ኪተርፍ ይኽእል እዩ። እዚ ዘይርጉጽነት'ዚ፡ ጭንቀት የምጽኣልካ፡ ነቲ ንገንዘብ ኢሉ ዚጻወት ሰብ ድማ ነቶም ጸገማቱ የማዕብሎም።



**ካብ ኣዋልድ ንላዕሊ፡ ኣወዳት ይጻወቱ፡ ስለዚ ንቁማር ዚምልከት ጸገማት የማዕብሉ።**



**ኩለን ናይ ቁማር ትካላት ሽወደን እንተ ወሓደ ንደቂ 18 ዓመት እየን ኪጻወቱ ዘፍቅዳ፣ ይኹንምበር፡ ብዙሓት ብዕድመ ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ፡ ቁማር ይጻወቱ እዮም።**

ብዛዕባ ነብስኻን ብዛዕባ ውላድካን ትሻቐል እንተ ደኣ ኣሎኻ፡ ደገፍ ንምርካብ፡ ናብቲ ኮሙንካ ወይ ናብቲ ክፍሊ ክንክንን ጥዕናን ተወከስ። እቲ ደገፍ፡ ነቶም ዚጻወቱን ንቀረባ ሰቦምን ምኽሪ ይህብ። ኣብኡ፡ መንነትካ ከይተፈልጠ ከተዋግዕን ኢመይል ክትገብርን ትኽእል ኢኻ።

## ንዲጂታላዊ ጸወታ ዚምልከቱ መጠንቀቕታ ምልክታት፥

- ቁማር ንኹሉ ካልእ ጸወታ ይዕብልሎ
- ውላድካ ኣብ ቁማር መኣዝኑ ምስ ዘጥፍእ
- ውላድካ ካልእ መዘናግዒ ወይ ብጾት ካብ ምህላው ንላዕሊ፡ ዝያዳ ጸወታ ምስ ዚፈቱ
- ውላድካ ወላኳ ይሕመም፡ ጸወታኡ ይቕጽል



# ኣነ፡ ከም ወላዲ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?

ከም ወላዲ መጠን፡ ምስ ውላድካ ናይ ቀረባን ውሑስ ዝኾነን ዝምድና ምፍጣር ኣገዳሲ እዩ። ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ንውላድካ ኣብነት ኢኻ። ነቲ ንገንዘብ ተባሂሉ ዚካየድ ጸወታ ምስ እንርኢ፡ ናይ ወለዲ ኣብ ቁማር ዘለዎም መርገጺ ነቲ ናይቲ ውላድ ዝንባሌ ኪጸልዎ ከም ዚኽእል ንፈልጥ ኢና።

- ብዛዕባ ኩሉ ዚከኣል ነገራት ምስ ውላድካ መዓልታዊ ተዛረብ፣ ኣብ ቤትትምህርቲ፡ ኣብ ኢንተርነት፡ ኣብ ማሕበራዊ መድያ እንታይ ከም እተጓነፈ፡ እቲ ውላድካ ድማ ከመይ ከም ዚስምዖ።  ሞባይል ይኹን ናይ መዓልታዊ ስራሕ ይኹን ንግዜኡ ወግኖ። ምስ ውላድካ ክትዛረብ ከሎኻ ምእንቲ ንሱ ድማ ደፊሩ ምሳኻ ብዛዕባ ከበድቲ ነገራት፡ ንኣብነት ከም ባእሲ፡ ጸወታ ቁማር፡ ኣልኮልን ድሮጋን ኪዛረበካ፡ ናይ ልብኻ ኣዛርቦ፤ ምስኡ ድማ ድልዱል ዝምድና ፍጠር።
- ንቁማርን ናይ ምርኣይ ግዜን ብዚምልከት ሓገዝ ንምርካብ፡ ምስ ካልኦት ወለዲ ተዘራረብ።
- ምስ ውላድካ ኼንካ ገለ ስራሕ። እዚ፡ ነቲ ኣብ መንጎኹም ዚህሉ ቆየቛ የጕድሎ እዩ፡ ኣብ መንጎኹም ብዙሕ ሓባራዊ ዝርርብ ድማ ይህሉ።.
- ደረት ዕድመ ኣገዳሲ እዩ። ነቶም ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ዝኾነ ንገንዘብ ተባሂሉ ዚግበር ጸወታ ኪሳተፉ ኣይተፍቀደሎም። ብዙሓት ናይ ኮምፕዩተራት ጸወታ፡ ክልል ዕድመ ከም ዘለዎም ፍለጥ። እቲ ደረት ዕድመ፡ ሕሉው ኪኸውን ከም ዘለዎ ተገንዘብ። ምስ ውላድካ ንገንዘብ ኢልካ ዚግበር ጸወታ ኣይትጻወት። እቲ ህጻን ሓንሳእ ምስ ሰዓረ፡ ስለ ዚምቅሮ፡ ቀጻሊ ኪጻወት እዩ ዚደሊ።
- ብዛዕባ ናይ ጸወታ ረከላም ብምዝራብ፡ ውላድካ ብዛዕባ መልእኽትን ትሕዝቶን ረከላም ብህየሳዊ መገዲ ንኺሓስብ ሓግዞ።
- ነቲ ውላድካ ካብቲ ሓድሓደ ነገራት ኪዕድገሉ ዚኽእል ምስ ናይታ ኮምፒተር ናይ መጻወቲ መርበብ እተተሓሓዘ ናይ ሒሳብ ካርድ ተጠንቀቐሉ። ባዕልኻ ኣብቲ ኦንላይን ኣቲኻ ትጻወት እንተ ኾንካ ድማ፡ ናይቲ ኦንላይን ሎግ መግበሪ ብምስጢር ዓቅቦ።

- ኣብ ኢንተርነት፡ ገንዘብ ዘድልዮ ዓይነት ጸወታታትን ነገራትን ንኺዕድጉ ንህጻናት ዘተባብዕ ጸወታ ኣሎ። ምስ ደቅኻ ብዛዕባ ኣብ ቁማር ዘሎ ሓደጋታት ተዘራረብ፡ ከምኡውን ብዛዕባ ዋጋ ገንዘብን ናይ ዕድመ ደረትን ኣብ ጸወታ ዘሎካ መርገጽን ተዛተ።
- ውላድካ በቲ ብኣሉታ ኪጸልዎ ዚኽእል መገዲ ይጻወት እንተሎ፡ ቀልጢፍካ ተላዒልካ ነቲ ናይ ቁማር ጸወታ ደረት ኣትሕዞ። ሓገዝ ምስ እትደሊ ነቲ ኮሙንካ፡ ነቲ ናይ ክንክን ክፍሊ ወይ ናይ ሓገዝ መስመር ተወከሶ። ስግኣት ምስ ዚህልወካ ብነብስኻ ተኣማሚንካ ምስ ውላድካ ተዛተ። እቲ ጉዳይ ኣብ ገለ ጌጋ ከም ዘለዎ ኮይኑ ምስ ዚስምዓካ፡ ሓቅኻ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።
- ውላድካ፡ ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ትግደስ ምኺንካ ኪሰምዖ ከሎ ደስ ይብሎ፡  ከምኡውን ንሓሳባቱን ስምዒቱን ከም እተኽብር፡ ከም እትካፈልን ኪፈልጥ ከሎ፡ ወላ'ውን ኩሉ ግዜ ከምኡ ስምዒት እንተ ዘየርኣየ፡ ደስ ይብሎ።
- ብዛዕባ ቁማርን ናይ ምርኣይ ግዜን ተዛረብ። ኣብቲ ውላድካ ብኦንላይን ዚገብሮ ነገራት ተገደስ። ነቲ ውላድካ ስምዓዮ፡ ብሓደ ኾንኩም ድማ ዘቤታዊ ናይ ስራሕ መምርሒታትን መደባትን ኣውጽኡ። እቲ ቁማር ክንዮ ትምህርትን ድቃስን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ምግብን ምንቅስቓስን ኪኸይድ የብሉን። እቲ ናይ ምርኣይ ግዜ ድሕሪ ዕዮ-ገዛ ኪኸውን ይግባእ። ስለምንታይ ዘቤታዊ መምርሒ ወይ መደብ ከም ዘድሊ ግለጸሉ - ውላድካ፡ ደረት ከም ዘሎ ምስ ዚፈልጥ እዩ ውሕስነት ዚስምዖ።

ብተወሳኺ ኣንብብ
ሓገዝ https://www.stodlinjen.se/#!/
PEGI ንጸወታ ኮምፕዩተር ዚምልከት ናይ ዕድመ ደረት ሓበሬታ ኣለዎ
https://pegi.info/sv

”https://www.statensmedierad.se/press/nyheterkronikorochpressmeddelanden/arkivnyheter/nyheterpressmeddelandekronikor/foraldraguidertillbarnensinternetkortasvarpasvarafragor.4384.html

https://www.folkhalsomyndigheten.se/spelprevention/unga-och-spel/foraldrar-och-andra-vuxna-i-barns-narhet-ar-viktiga/

ሓበሬታ መራኸቢ